**ብስም ኣግኣዝያን ንመንነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ**

**ክትዘርግን ክትበታትንን ምድላይ ንጠቕሚ መን'ዩ**

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋናት ናይ ኣግኣዝያን ወለዶ ሴም ዘርእታት ( ዓሌታት) ኣለና ዝብሉ፡ ሓንሳብ ብስም ብሄረ-እግዝኣያን ሓንሳብ ብስም ትግራይ ትግርኚ፡ ሓንሳብ ከኣ ኣግኣዝያን ደሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ..ወዘተ ክንምስርት ኢና ብዝብል፡ ንዝምድና ኣይሁድነትን ክርስትናን ስነ-ምግባር (ወርቃዊ ሕጊ) ዝበሃል መበገሲ ሃይማኖታዊ ሽፋን ገይሮም፡ "ንሃገራውን ዓሌታውን ባህሪያት ህዝቢ ኣግኣዝያን ንምዕቋብን መበቆል ህዝቢ ኣግኣዝያን ዘለዎም ህዝቢ ዝዕብልልዋ ሃገር ክንሰርሕ ኢና" እናበሉ ዘካይድዎ ምንቅስቓስ ኣብ መራኽቢ ብዙሓን ማለት ማሕበራዊ ሚዲያ ፈይስ ቡክን ዩቱብን ካልእን ብተኸታታሊ ይፍኖን ይዝርጋሕን ከም ዘሎ ዝፍለጥ'ዩ።

ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ጎረባብቲ ሃገራት ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ካብ ነዊሕ ዘመናት (መዋእላት) ኣትሒዞም ብታሪኽ፣ ብባህሊ፣ ብሃይማኖት፣ ብወለዶ ምትእስሳር ዝጸንሓምን ዘለዎምን ህዝብታት'ዮም። እዘን ክልተ ነጻ ዝኾና ሃገራት፡ ሕብረ-ብሄራዊ፡ ሃይማኖታውን ባህላውን ብዙሕነት ዘተኣናግዳ ሃገራት'የን። ነዚ ብዙሕነት'ዚ ሓቚፈን ከም ሃገራት ዝቐማሉ ነናተን ድሕረ ባይታን ታሪኽን ከኣ ኣለወን።

ኤርትራ ከም ሃገር ብባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን ብ1890 ካብ'ቲ ናይ እንዳታት፡ ዓሌታትን ብሄረ-ሰባትን ዝተበታተኸ መስፋናዊ ምምሕዳር ወጺኣ፡ ከም ሓንቲ ግዝኣቲ ሃገር ክትቀውም ኮይና። ካብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣትሒዙ ክሳብ 1991 ከም ነጻ ልኡላዊት ሃገር ክሳብ ዝቐመትሉ ግዜ፡ ከባቢ ሓደ ክፍለ ዘመን ኣብ ትሕቲ ተኸታተልቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ጣሊያን፡ ምምሕዳር እንግሊዝን ናይ ኢትዮጵያ መግዛእትን ተቐሪና ጸኒሓ። ህዝብታት ኤርትራ ካብ'ዚ ሰንሰለታዊ ባዕእዳዊ መግዛእቲ'ዚ ሓራ ክኾኑ ከኣዮም፡ ምእንቲ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነቶምን ክብሮምን፡ ኣንጻር'ዞም ገዛእቲ ስርዓታት ነዊሕን መሪርን ሓርበኛዊ ተጋድሎ ዘካየዱን ሃገራዊ ነጻነቶም ዘረጋገጹን። ኣብ'ዚ ዝተናወሐ ጸረ-ባዕዳዊ መግዛእታዊ ተጋድሎታት'ዚ ከኣ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት እናዓበየን እናተረረን መጺኡ። ኣብ'ዚ መስርሕ ጸረ-ባዕዳዊ ብረታዊ ተጋድሎ እዚ ከኣዩ ከም ሕብረተ-ሰብ ብዘይኣፈላላይ፡ ብሄር፡ ሃይማኖት፡ ጾታን ዕድመን ብልዑል ሃገራዊ ስምዒት፡ ጸረ ኢትዮጵያዊ መግዛእቲ ተቓሊሶም ከቢድ ሰብኣዊ፡ ነዋታውን ኒያታውን መስዋእቲ ዝኸፈሉ።

ንሓደ ክፍለ ዘመን ዝኣክል ብኸም'ዚ ዝኣመሰለ ናይ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ተዓጢቑ ከም ህዝቢ ንዝይህላወኡ ንዝፈታተኑ ብዙሓት መሰናኽላትን ከበድቲ ብደሆታትን ሰጊሩ፡ ኣብ ሃገሩ ባይታ ሰላምን ደሞክራስን ብምስፋን ስርዓት ልዕልና ሕጊ ከንግስን ማዕርነታዊ ተሳትፎኡ ከረጋግጽን ዝገበሮ ተጋድሎ፡ ዋላ'ኳ እቲ ዝተበገሰሉ ዕላማ መሊኡ እንተዘይተዓወተ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክወራረስ ዝኽእል ጅግንነታዊ ሃገራዊ ሓርበኝነት ኣመዝጊቡ'ዩ። በዚ ከኣ ኣብ ታሪኽ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝብታት ዓለም፡ ንመንነቱ ዘጉልህን ዘድምቕን ኣገዳሲ ምዕራፍ ዝሓዘ ሓርበኛዊ ታሪኽ ሰሪሑ'ዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ'ውን እንተኾነ ጭቑናት ህዝብታት ኢትዮጵያ ንሓደ ክ/ዘመን ዝኣክል፡ ብጨቐንቲ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ብሕሱም ብሄራውን ደርባውን ጭቆና ክማስኑ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብዝገበርዎ ተጋድሎን ዝኸፈልዎ ከቢድ መስዋእትን ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ዜጋታትን ህዝብታትን መሰላት እንተረጋገጽ ሓዳስ ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ኢትዮጵያ መስሪቶም 'ዮም። ነቲ ኩሉ ዘገጥሞም ጸገማትን መሰናኽላትን ብቓልሲ እናሰገሩ ከኣ፡ ኣብ ጎደና ሰላም፡ ደሞክራስን ምዕባለን ንቕድሚት ይስጉሙ ኣለው'ዮም። ኣብ'ዚ ተራን ግደን ህዝቢ ትግራይን ደሞክራስያዊ ውድቡ ህወሓትን እቲ ዝኸበደ ጾር ናይ'ቲ ዝተኻየደ ሓርበኛዊ ብረታዊ ተጋድሎ ዝተሰከሙ ምንባሮም ዝፍለጥ'ዩ።

ኣብ'ዚ ሕጂ ክልቲኡ ሃገራት ነናቱ መንነት ቀሪጹ፡ በብሃገሩ ነዚ ዕላማታት'ዚ ከረጋግጽ ሓቢሩ ዝተጋደለን ብሓባር ዝተዓወተን ህዝብታት፡ መቓቒልካ ደቂ ኣግኣዝያን ዝኾንኩም ደቂ-ኤርትራ ትግርኛን ኣብ ኢትዮጵያ ዘለኹም ተጋሩ ደቂ-ትግራይን ሓደ ሃገር መስሪትና መብቀልናን ታሪኽናን ኣዕቍብና፡ ኣብ'ዚ ዞባ ንሕና ንዕብልሎ ስርዓት ንግበር ማለት'ሲ፡ እንትርፎ ጸቢብ ናይ ዘርኣውነትን ዓሌታዊ ኣድልዎን ኣተኣታትዩ ኣብ መንጎ ህዝብታት ብዓሌት፡ ብብሄር፡ ብሃይማኖት ነንሕድሕዱ ክናቖትን ክተሃራረምን ከም ሸንቲ ገመል ምዕባሌኡ ንድሕሪት ክምለስን እንተዘይኮይኑ እንታይ ዘርበሖ ኣለዎ?

ኣብ ኤርትራ ነቲ ብሓባር ንነዊሕ ዓመታት ተሓቛቚፉ ኤርትራዊ ሃገርነት ዘማዕበለን ብሓደ ኮይኑ ደሙ ዘፍሰሰ ህዝብታት ኤርትራ መቓቒልካ፡ ብስም ኣግኣዝያን ክትበታትኖ እንታይ ይርባሕ። በዚ መንጽር እቲ ኣብ'ዚ ናይ ኣግኣዝያን ፍልስፍና ዘይተሓቖፉ ህዝብታት ኤርትራ'ኸ? ንሶም'ውን ብግዲኦም ኣሽሓት ዓመታት ንድሕሪት ተመሊሶም፡ ነናቶም ድሕረ ባይታዊ ናይ ወሎዶታት  ዘርኢ እናቖጸሩ ብኡ ተወዲቦም ክበታተኑን እንተደኣ ኮይኖም፡ ኤርትራውያን ትግርኛ ተዛረብቲ ይኹኑ፡ ተጋሩ ኢትዮጵያውያን  ካብ'ዚ ምምቕቓል'ዚ እንታይ ይርብሑ? ኣብ ሃሃገሮም እናሃለው ከም ክልተ መንነትን ዕላማን ዘለዎም ህዝብታት ልኡላውነቶም ኣኽቢሮም ተደጋጊፎም ብሓባር ከይምዕብሉ ኸ እንታይ ዝዓግቶም ኣሎ?

እዚ መርሕ'ዚ በዚ ስነ-መጎት ናይ ኣግኣዛውያን እንተኸይዱ፡ መግዛእታዊ ባዕዳዊ ስርዓታት ዝመቓቐሎም ህዝብታት ኣብ ክልቲኡ ሃገራት ዝርከቡ ተዛረብቲ ትግርኛ  ጥራሕ ድዮም?  ካልኦት ከም ዓፋር ኣብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ጅቡቲ፣ ኩናማ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ በጃ በኒዓሚር ደቂ ብሄረ ትግረን ራሻይዳን ከኣ ኣብ ኤርትራን ሱዳንን የለውን ድዮም? ስለዚ እዚኦም ናቶም ዘርኢ (ዓሌት እናቖጸሩ) ነናቶም ነጻ ሃገራት ክምስርቱ እንተደኣ ኮይኖም፡ ኤርትራ ትኹን ኢትዮጵያ ከምኡ'ውን ጅቡትን ሱዳንን ከም'ዚ ሕጂ ዘለዋኦ ሃገራት ኮይነን ክቕጽላ ኣይክእላን'የን። እሞ ውጥን ፕሮጀክት ናይ ኣግኣዛውያን በዚ እንተቐጺሉ ሓደጋኡ ንህዝብታት ኤርትራ ምብትታን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ናይ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሃገራ'ውን ዝበታትን ስለ ዝኾነ ከይሳዕረር ምግራሕ ዘድልዮ ይመስለና።

ካልኣይ ክፋሉ ይቕጽል

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 24-02-2017